# *ፈተነን ፍሽለትን ኣሜርካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ።*

*ሓደ ግዜ ሓደ መታለሊ ንብዙሓት ሓያል'የ፡ ኣነ ዝበልኩኹም ስማዑ፡ ካብ ዘለኹም ፍሕት ከይትበል፡ እንተልኩም ከኣ ትድሰቑ፡ ዝሃብኩኹም ተቐበሉ እናበለ እናታመላለሰ ንብዙሓት የሸግር ነበረ። እቶም ካብ ኣፍንጭኦም ኣርሒቖም ዘይሓስቡ ብነብሶም ዘይተኣማመኑ ከብዶም ዘመዶም፡ ብዝበሎም ተማእዚዞም ኩርሙያት ተጸበይቲ ትኻቦ ብምኻን መዋእሎም ኣሕሊፎም ሕመቖም ናብ ውሉዳቶም የተሓላልፍዎ ነበሩ። ሓደ ግዜ ከም ልማዱ ናብ ዘይፈልጦ ቤት ከይዱ እቲ ልሙድ ምግቡዕብዑን ድሌታቱን ትእዛዛቱን ሃበ። ምዮ ብነብሱ ዝተኣማመነ ሰብ ኣትርር ኣቢሉ እዚ ትብሎ ዘሎኻ እንተዘይገበርኩ እንታይ ክትገብር ኢኻ በሎ። ነቲ ተሪርን ነቓጽን ዘይተጸበዮ ሕቶ ምስ ሰምዔ፡ እዋእ እንቢ እንተልካስ ሰቕ ኢለ ይኸይድ በለ ይበሃል።*

*መራሕቲ ሳልሳይ ዓለም ብፍላይ መራሕቲ ኣፍሪቃ ኣሜርካ ብዝበለቶም ተማእዚዞም፡ ሃገራቶም ኣመዝሚዞም ህዝቦም ኣደዳ ድኽነትን ሕማምን ገሮምን ይገብሩዎን ኣለዉ። ምስ ሃብተንን ጉልበተንን ከለዋ ብትኻቦ ምዕራባውያ ይነብራ ኣለዋ። እቶም ሓደ ክልተ ኣፍሪቃውያን መራሕቲ ንተግባራት ኣሜርካ ብትሪ ዝተቓወሙን ዝቃለስዎን ብሰንኪ ህዝበን ዘይምንቃሕን ዘይምውዳብን ብደቂ ሃገር ከም ዝቕንጸሉ ይግበር። እዚ እኪይ ተግባር ኣሜርካ ኣብ ሃገርናውን ድልየታቱን ትእዛዛቱን ከርኢ ድሕሪ ነጻነትና ምጉንጻፍ ንብዙሕ ዓመታት ፈቲኑ እዩ። ክዕወት ኣይከኣለን። ምኽንያቱ ንድልየት ኣሜርካ ዘ-የ-ማ-ል-እ፡ ነብሰይ ባዕለይ ክኽእል እየ ዝብል ተሪር ካብ መንግስትን ኤርትራ ዘይተጸበዮ መልሲ ስለ ዝረኸበ፡ ኣብ ጸለመታትን እገዳታትን ከም ዘድህብ ኮይኑ። መርገጽ መንግስቲ ኤርትራ ዋላኳ ብዙሕ መሰናኽላትን ብደሆታትን ንብዙሕ ዓመታት የጋጥሞ እምበር፡ ሳላ ጽፉፍ ውዳቤን ንቕሓት ህዝብን ንመንግስቲ ኣሜርካ ንዝሓለኖ ኀበጣታትን ምዝመዛን ከም ዝብርዕን ጌሩዎ ጥራሕ ዘይኮነ፡ መትከል ነብሰ ምርኮሳ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ከም ዝተኣታቶ ይኸውን ኣሎ።*

*ኣሜርካ ገባቲ ህርፋና ብራእይ መንግስቲ ኤርትራ እናተሳዕረ ምስ ከደ፡ ከምቲ ኩልና ንፈልጦ ቢልዮናት ዶላራት ኣውጺኡ ብውክልና ህወሓት ከሳልጦ ዝፈተነ እኩይ ዓላማውን ክሰልጦ ኣይከኣለን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ መላእ ዓለም ከም ዝሓፍርን ዝድፈርን ገሩዎ ኣሎ። ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዘርእዮ ዘሎ መሰረታዊ ርእሰ ምርኩስና፡ ንኣሜሪካ ከም በርቂ ሓጋይ ኮይኑዋ ኣሎ። ነዚ ተበጊሱ ኣዎንታዊ ግስጋሰ ዝርኤ ዘሎ ምሕዝነት ሃገራት ዞባና፡ ብፍላይ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምብታን፡ እቲ ሉሙድ ኣዕናዊ ተግባራታ ገና ትሰርሓሉ ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ ነታ ሬሳ ዝኾነት ጁንታ ካብ መቓብር ኣተሲኣ ትንፋስ ክትሰክዕ፡ ንሱዳንን ግብጽን ብምዕሳብ ነውራም ዕዮኣ ትገብር ኣላ።*

*ኣሜርካ ምስ ሰዓብታ፡ ዒራቕን ልብያን ንምፍራስ ዝተጻወተቶ ጸወታ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክትደግሞ ምምሕዳር ባይደን ከይተበገሰ ነቲ ብኦባማ ቅድሚኡ ብኪሊንቶን ዝተወጠነ ኣፍራሲ ተበግሶታት ክቕጽል ላዕልን ታሕትን ክብል ንርኢ ኣሎና። ነዚ ኩፉእ ሓሳብ ኣብ ግብሪ ከተውዕል ንክልል ትግራይ ከም ዝሓለየት ኣምሲላ ነቲ ናይ ጁንታ ዓባይ ትግራይ ዝብል ምንጻል ካብ ኢትዮጵያ ትሰርሕ ኣላ። ንዞባና ብቖዳምነት ብዓቢኡ ከኣ ንኣፍሪቃ ትኸስሮ ከምዘላ ስለ ዝፈለጠት ትግራይ ነጺልካ መርገጽ እግሪ እንተረኸበት ምኳኑ በሃም ዝፈልጦ ቅሉዕ ሚስጢር እዩ። ኣሜሪካ ኢዳ ዘእተወትለን ሃገራት ብሰላም ትነብር መን ኣላ። ኣብ ኢስያ፡ ላቲን ኣሜርካ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣፍሪቃ እስከ መን ኣላ ዝቐሰነት። ወያነ ትንፋስ ክትገብር ይትረፍ ኣሜርካ ነቲ ንወያነ ትንፋስ መስኩዒ ይኾውንዩ ዝበለቶ ሜላ ትንፋሱ ሓሊፉ ኣሎ። ህዝቢ ኣፍሪቃ ኣብ ገዛእ ሜረቱ ብመራሕቱ ባርያ ተቐጺሩ፡ ፍርያት ሃገሩ ብምዕራባውያን ተጓሕጒሑ ኣብ ድኽነት ዝነብረሉ መዋእል ዘኽትመሉ ጩራ በጺሑ ኣሎ። እዚ ኣብ ሃገራት ዞባና ኩዉን እናኾነ ዝቕጽል ዘሎ ኣተባብዒ ጉዕዞ ነብስኻ ናይምኽኣል ተራ መንግስቲ ኤርትራ ከም ጸሓይ ቀትሪ ተኾሊዑ ዝረኣየሉ ዘሎ ግዜ እዩ።*

*ራኢ ህዝባዊ ግንባር፡ ኤርትራ ነጻ ኣውጺእካ ብዘይ ሰላም ጎረባብትኻ ብሰላም ክንበር ከም ዘይክኣል ኣብ ሰብዓታት ኣብ ዓንዲ መትከላቱ ኣስፊሩዎ ኔሩ እዩ። እዚ ሎሚ ንርእዮ ዘሎና ጉዕዞ ሰላም ብሃንደበት ዝመጸ ኣይኮነን። ጎኒ ጎኒ ምስ ጎዕዞ ንነጻነት እናተሰርሓሉ ዝመጸ እዩ። ሎሚ ብጎረባብትና ሰማዒ እዝነ ስለ ዝረኸበን ዝሰርሓሉ ዘሎን ነቶም ዓይኖም ኣፍጢጦም ህውከት ኣእትዮም ጸጋ ሃገርና ክግሕጡ ዝደልዩ ጸወትኣም ከም ዘብቅዔ፡ ጸወታነ ከም ዝመረ ሕርሕራይ ጌርና ነርእዮም ኣሎና። እዚ ማለት ግን ተሳዒሮም ኣላሽ ክብሉ እዮም ኣየስምዕን፡፡ ገና ዑሱባትን ሃሱሳትን ክሳብ ዘለዉ እቲ ሓደገኛ ሓሳቦምን ተግባራቶም ኣይከቋርጽን እዩ። እቲ ተስፋ ዝህብ ግን ዕምሪ ዑሱባትን ሃሱሳትን እና ጎደለ ድኣንበር፡ እናሰሰነ ይኸይድ ስለ ዘየለ ድሕሪ ውሑዳት ዓመታት ህላወ ሃሱሳትን ዕሱባትን ነበረ ዘይበሃለሉ ከም ትኪ በኒኑ ከጠፍእ እዩ።*

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር*